# መሰረት ሃገር፡ ዓዲ

(6ይ ክፋል) ደቀባት ኮም 29.07.2006

ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ቀንዲ መለለዪኡ ርስቱን ባህሉን ሕጉን እዩ። ስለዝኾነ ከኣ: ኣቦታትና ነብሲ-ወከፍ ወዲ-ዓዲ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምኻኑ እዮም ዘርድስኡ ነይሮ። ከማኡ ስለዝኾነ ኣምነቶምን ራእዩኦምን ከኣ፡ ኣብ ድልየት ህዝቢ ዝተሰረተ ስርዓተ-ሕጊ፡ ኩሉ ወዲ- ዓዲ ብእኡ ተማእዚዙን ተገዚኡን ንኽነብር፡ ሕጊ እንዳባ ኣቍሞም፡ ኣብ ህዝቦም ከኣ ፍትሓውነትን ማዕርነትን መሰልን ኣንጊሶም፡ ክሳብ መንግስቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ. ስልጣን ዝሕዝ ክነባበሩ ጸኒሖምዮም። ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል ግን፡ በቲ ሕገ-ኣልቦ ዝኾነ መንግስቲ ህግዲፍ ተኣጊዶም፡ ብዘይ ሕጊ ብቐስብ ወይ ዝበልናኩም ግበሩ፡ ወይ ኣብኣ ትረክቡዋ እናተባህሉ፡ ብቐስብ፡ ንቡር መሰሎም ተጋሂሶም፡ ንድልየት መንግስቲ ህግደፍ እናርወዩ እነብሩ ኣለው።

እቶም ኣብ ነፍሲ- ወከፍ ዓዲታት ዝቐመጡ እንዳታት ኤርታ ኣብዚ እዋንዚ፡ ደቂ ርስቲ ምኻኖም ተነፊጉዎም መሬት መንግስቲ ህግዲፍ ወኒኑዎ ይርከብ ኣሎ። ደቂ ዓዲ ተባሂሎም ዝጽውዑን ዝፍለጡን ዝነበሩ ግን ብቐስብ "ደቂ ዞባ" ተጠሚቖም ኣሎው። ኣብ ነፍሲ- ወከፍ ዓድታት ከኣ፡ መሬት ዓዲ ብዓበይቲ ዓዲ ዝዋረድን ዝጥረርን ዝነበረ፡ ሓያል ውሕጅ ኣንቃዕሪሩ ይውሕዝ ከምዝብሃል፡ ብትእዛዝ ንጉስ ኢሳያስ ስል ዝተወሰነ፡ ደቀባ-ሻውል ከም ቃሕ ዝበሎም ይጥርሩዎን ይግብቱዎን ኣሎው። ዜግነት ዝውሃብን ዝኽላእን ብደቂ ዓዲ ዝነበረ፡ "ብከንቲባታት" ህግዲፍ ዝተተመነ "ክልተ ካብ ሚእቲ" ብጽሖት፡ ንዝኸፈለ፡ ካብ ስቶክሆልም ንዓደኮሎም ይምጻእ፡ ካብ ቶሮንቶ ንዶርዓንቶ ይእቶ ብዘየገድስ፡ መሬት ደቀባት ይዕደል ኣሎ። እዘን ብዓዳዊ ትሕተ-ቅርጻ ዝተመስረታ ዓድታት ኣንብኣር፡ ዝለመድኦ ሕጊ እንዳባን፡ ባይቶ ዓድን ተሓሪሙወን፡ ብቐስብ ብሕጊ ኣልቦ ህግዲፍ ዝተበየነለን ብይን፡ ኣሜን ኢለን ንኽቕበላ ብሻምብቆ ብረት ተቐሲበን ወይ ዝበሉኻ ግበረሎም ወይ ዓዲ ግደፈሎም ኢለን ኣሎዋ።

ኣብዚ ዘሎናዮ መዋእል ህዝቢ ኤርትራ፡ እታ ዓደይ እትብል ባህጊ፡ እታ ልዑላውነት እትብል ራእዩ፡ ብሓፈሻኡ እታ ተስፋ እትብል ትጽቢት፡ እናላሕለሐአ ይኸዳ ከምዘለዋ፡ ንኹሉ ሰብ እናበርሃሉ ይኸይድ ኣሎ። ትርጕም ነጻነትስ ይትረፎ፡ ነቲ ብባህርያዊ ዝተዓደሎ ዕድሎት ከይተረፈ፡ ብኢድ ህግዲፍ ተወኒኑ፡ ፍኒሕኒሕ ምባል ስኢኑ፡ እታ ዝረግጻ መሬት ከይትነግረሉ ኣናተሸቝረረ፡ ነታ ርሑ ከይተረፈትውን ዋሕስነት ሳኢኑላ ኣሎ። ከማኡውን ካብ ውሉድ ወለዶ፡ እናተወራረሰ ንመዋእል ወኒኑዎ ዝጸንሐ ትካል ዓዱ ስኢኑ፡ ቅዱስ ባህሉ ብግዕዙይ ምጻእተኛ ባህሊ ተተኪኡ፡ ሃይማኖቱ ተደፊሩ፡ መንእሰይ ወለድኡ ጠፊኡ፡ ትርጕም ናብራ ጠፊኡዎ፡ ካብ ዘለውን ንታሕቲ ካብ ዝሞቱን ንላዕሊ ኰይኑ፡ ሕሱም ናብራ እሕልፍ ኣሎ። ብኣንጻሩ ከኣ ውድባት ኤርትራ፡ ነዚ ዝወርዶ ዘሎ ስቓይ ተገንዚበን፡ ብሓደ ሰሚረን ብትብዓት ሓቢረን፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ መኪተን ዘዘርያሉ፡ ንግሆ ንግሆ ከም ጨቛዊት እናተራብሓ፡ "ኣሎና" ጥራይ እናበላ፡ ንዕድመ ኢሳያስ ከናውሃ ንዕዘበን ኣሎና። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ምርባሕ ውድባት መኸሰብ ረኺቡ ዝብል ሰብ እንተድኣ ሃልዩ ግን፡ ኣእምሮኡ ጥዑይ ክብሃል ኣሸጋሪ ኣዩ። ኣዚ ከኣ ንክትዛረበሉ ዘሕፍር ሕማኽ ታሪኽ እዩ። ኣስማት ውድባት ክሳዕ ዝውዳእ፡ ድርብ ድርብርብ ኣስማት እናውጽኣ፡ ንህዝብና ዘርምዘርሞ ኣትሪፈንአ ኣሎዋ እንተተባህለውን ምግናን ኣይኮነን። ዓሰርተው ሸሞንተ ዓሰርተው ትሽዓተ ወዘተ.. ውድባት ናብ ትርጕም ዘለዎ ጥርኑፍ ሓይሊ፡ ማለት ከስርሐን ዝኽእል ማእከላይ ቍጽሪ፡ እንተድኣ ተጸሚቔን ምስ ህዝቢ ክላለያን፡ ንህዝቢ ከገልግላን፡ ህዝቢ ከገልግለንን፡ ምሓሸ ነይሩ። እዚ ማለት ከኣ ብጥርኑፋትን ሓያላትን ኣባላት ዝተሰርሐ ባይቶ፡ ነቲ ህዝባዊ ዕግበታታት ከርውዮ ምኽኣለ። ምትእምማነን ከኣ ከደልድሎ ምኽእለ ነይሩ። ኣብ መንጎ ህዝብና ከኣ ምክብባርን ፍታሕን ትመዝጊቡ፡ ልዑላውነት ሃገር ዋሕስንት ምረኸበ ነይሩ።

እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም፡ ክሳብ ሎሚ ብውድባት ክካየድ ዝጸንሐ ዓይነት ስትራተጂ፡ ክዕወት ካብ ዘይክኣለ፡ እቲ ህዝቢ ግን ስለምታ እዩ ብትብዓት ነዚ ዘይተቓወሞ?

ስለምንታይ እዩ ነዚ ተመራሚሩ መተካእታ ዘይደለየሉ? ካብዚ ዝኸፍእ ውድቀት ስለዘየለ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን እቶም ምሁራትን ለባማትን ዝብሃሉ ደቂ ሃገር፡ ተመራሚሮም መተካእታ ከናድዩ፡ ባህርያዊን ነገራዊን እዩ ነይሩ። እዚ ግን ክመጽእ ኣይተኻእለን። ስለምንታይ ኮን ይኸውን? ብሕልፊ ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ፡ ስራሕ ውድባት ድሮ ስርሑ ዝወድአ እዩ ዝመስል ዘሎ። እኳድኣ ሎምስ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት እዩ ዝምለስ ዘሎ። ብፍላይ እኳድኣ ምፍልላይ ጥራሕ ከይእኽሎምስ ኣሃይማኖታዊን ብሔራዊን ዝንባሌታት ገጾም ኣዮም ዝጕዓዙ ዘለው። እዚ ከኣ ብድሕሪ ኢሳያስ ኣንተኮነውን ከም ሃገር ሶማል ከይትኸውን ሃገርና ኣኤርትራ ዝፈርሑ ተዓዘብቲ ብዙሓት እዮም። ካብዚ ዝኸፍአ ምልክት ጥፍእት ከኣ ክርአ ኣይክእልን እዩ። እሞ ህዝቢ ነዚ ኣናተዓዘበ፡ ስለምንታይ ድኣዩ፡ ዝይበራበር ዘሎ? እስከ ነብሲ ወከፍ ተኻታታሊ ነዚ ሕቶዚ ክመራመረሉ ክፉት ንግደፎ። ንኣብነት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ከማኡውን ጀብሃ፡ ስትራተጅኦም ንህዝቢ ዝጠቅም ነይሩ ኣንተዝነብር፡ ከምዚ ሕጂ ዝረአ ዘሎ <u>ባዶ ፍረ</u> ከፍሪ ኣይምተገብአን ነይሩ። ስለዚ ነዚ ውድባት ዘጽንሑልሉ፡ ንህዝቢ ዘየርብሕ ፍሹል ኣገባብ ኣወዳድባ ጠንጢኑ፡ ህዝቢ በቲ ጥንታዊ ስትራተጂ ዓዲ ክጥርነፍ ክብገስ ይግብኦ። ከምዚ ምስ ዝገብር ጥራይ እዩ፡ ካብ ተስፋ ምቍራጽን መንነቱ ምጥፋእን፡ መመከሒ ጓኖት ካብ ምኳንን፡ ክድሕን ዝኽእል።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ግደ ሓቂ ክንዛረብ እንተድኣ ኰንና፡ ካብ ግደ ውድባት ግደ ውልቀ-ሰባት ዝዓዘሉ ግዜ ይዝውተር ኣሎ። ዕብየትን ዋሕስነት ሃገርን፡ ብመንገዲ ህዝቢ ክኸውን ይግባእ። ኣብኡ ስለ ዘይበጻሕና ከኣ እዩ ህዝብና ዝሳቐ ዘሎ። ናብኡ ዘሰጋግር ኣተሃላልዋ ክፈጥር ግን፡ ባዕሉ ህዝብና ብሓድሽ ስትራተጂ ዓዲ ክልዓል፡ ሾነታት ይጠልቦ ኣሎ። ውድባት ግዲኣንን ዓቕመንን ገረን ኣየን፡ ካብዛ ዝፈጸምኣ መድረኽ ንላዕሊ ክፍጽማ ኣይክእላን እየን።ከምቲ መድረኽ ኢሳያስ ኣብቂኡኡዎ ዘሎ፡ ንሳተንውን ኣብቂዐን እየን። እዚ እቲ ሓቂ እዩ። ውጻኢተን ውጻኢት ኢሳያስን ከኣ ሓደዩ። ህዝቢውን ፈሪዱዎም እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ተጸባዩን፡ ኣብቲ ንሳተን ዝዳለዋሉ ዳስ ጥራይ ክኣቱ እዩ ዝጽበ ጸኒሑ ኣንበር፡ ኣብ ህዝቢ ዘዳለወለን ዳስ ካኣትዋ ግን፡ መንገዲ ክጸርግ ከቶ ኣይከኣለን። ድሌቱን ሓይሉን ፍርዱን ከርእየንን ከረጋግጸለንውን ኣይበቕዐን። ዓቕምታት መራሕቲ ኣብ ድሌት ህዝቢ ዝተመርኮሰ ኣንተድእ ዘይኮይኑ ብላሽ እዩ። ክስብ ሕጂ ከኣ ለዋህ ህዝቢ ኤርትራ ተጸብዩዎም፡ ከተግብሩዎ ግን ኣይከኣሉን።ንመኣስ ደኣዮም ከተግብሩዎ?

እቲ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ዝብሃል እንተኾነውን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ጕዕዝኡ ከምዝተራእየ፡ ድኽመታት ኣንበር ሓያልነት ከራኢ ኣይተራኣየን። ዘመዝገቦም ፖለተካዊ ዓወታትን፡ ዝጸለዎም ሃገራውያንን ኣህጉራውያንንውን፡ ዳርጋ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። ገለገለ ሰባት ንምሕዝነት ክከላኸሉሉ እንከለው ከምዚ ይብሉ፡ “ገለ ካብተን ኣብዚ ሕጂ ተፈጢሩ ዘሎ ኪዳን፡ አባላት ኰይነን ዘለዋ ውድባት፡ ካብ ምፍንፋን ደረጃ ናብ ምትሕቝቛፍ ደረጃ ዘብጽሐን፡ ጻዕርን ጽንዓትን ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርተራ እዩ”። ሃ.ም.ኤ. ምስ እምንትኡ ብዘይራጸም መንገዲ፡ ንዝተበገሰሉ መትከላትን ዕላማታትን ብዘህጥር አገባብ፡ ኣብ ሃገራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ከም ዝተሰጋገረ ንፈልጥን ንምስክርን።” ክንደይ ናይ ሞትን ስረትን መድረኽ ሰጊሩ፡ ኣብ ኪዳን ደረጃ በጺሑ” ይብሉ። ሕጂ'ውን ቻርተርን ኣባላትን ሃ.ም.ኤ. አብ ኪዳን ብዓል ዓቢ እጃም ምኳኑ፡ ካብ ታሪኽ ዝሕከኽ ኣይኮነን።” ይብሉ። ንሕና ከኣ ይግበረልና፡ ኣንሻኣላህ ንብል። ሓቂ ክንምስክር እንተድኣ ኰና ግን፡ ምሕዝነት ብተረድኦና ነብሰ-ሕቀት ጌሩ ከምዝፈሸለ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብኢቮሉሽን ኣብ ሃይማኖታዊ ኣኽራርነት ገጹ ይዝንብል ከምዘሎ ከነጠንቅቕ ንግደድ። ሕጂውን ሰውራ ኤርትራ ብዘይ ሓደ መጽናዕቲ፡ ብጎነጽ ተበጊሱ ነዊሕ ግዜን ክቡር ዋጋን ከፊሉ፡ ክሳብ ባይታ ዝዘብጥ (<u>ግራውንድ ዜሮ</u>) ተጓዒዙ ከብቅዕ፡ ገናውን ሕሉፍ ገጌጋታቱ ገምጊሙ፡ ተስፋ ህዝቢ ከተግብር ዝኽእል ኪዳን ይኹን ኮበርታ ብዘየገድስ: ሕቡር ቅልጽም ክምስርት ክሳብ ዘይበቕዐ፡ ከም ህሉው ክቍጸር ኣይክእልን'ዩ  ኢና ንብል።

እወ፡ ኤርትራ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ጀጋኑ ወሊዳ እያ። “ማህጸን ኣደስ ጕራጕራ“ ከምዝብሃል፡ ኤርትራ ሃገርና ኣብዞም ዝሓለፉ ዘመናት፡ ዝተፋላለየን ብዙሕን ታሪኻዊ ስርሓት ብካብ ማህጸና ዝተወልዱ ደቃ ተሰላሲሉ እዩ። ብድሕሪ ምዝዛም ኮለንያል ጣልያን ቅድሚ ምጅማር ሰውራ ኤርትራን፡ ውሑዳት ለባማት ደቂ ሃገር፡ ክሳብ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ተረኺቦም፡ ብሕጋዊ መንገዲ ኤርትራ ከም ሃገር ንኽትፍለጥ፡ ዓቢ ጻዕሪን ኣበርክቶን ስለዝገበሩ፡ ኤርትራ ብሕቡራት መንግስታት ዓለም ፈደረሽን ንኽትረክብ በቒዓ ነይራ እያ። ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርታውን እንተኾነ፡ ጀጋኑ ደቃ ኣዝዩ ረቂቕ ዘመናዊ ዕጥቂኳ እንተዘይነበሮም፡ በቲ ካብ ጻላኢ ዝመንዝዑዎ ብረት፡ “ንሃገረይ ንባዕዳውያን ኣሕሊፈ ኣይህብን” ዝብል ተባዕን ሓርበኛዊን ሃገራዊ ኒሕ ሒዞም፡ መዘና ዘይብሉ ታሪኻዊ ቅያ ሰሪሖም፡ ነጻነት ኤርትራ ከምዘምጽኡ ዓለም ዝምስክሮ እዩ።ኤርትራ ካብቶም ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ጀጋኑ ደቃ፡ ገለ ብማንካ ካብ ውቅያኖስ ፍንጭል ኣቢልካ ክጥቀሱ እንተኮይኖም ክኣ፡. ከም ብዓል ጅግና ኣብርሃም ተኸለ፡ ጅግና በርሀ ጻዕዳ፡ ጅግና ኣፈወርቂ ክፍሉ፡ ጅግና ስዒድ ሳልሕ፡ ጅግና ሰለሙን ወልደማርያም፡ ጅግና ዑመር መሓመድ፡ ጅግና ኣብራሂም ዓፋ፡ ጅግና ተውልደ እዮብ፡ ጅግና ዓብደል ቃድር ረሞዳን፡ ወዘተ…ዝወለደት ሃገር፡ ሎሚ ግን ብዘይካ ሓደ ሰብ ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ካልእ ወዲ ሃገር ከምዘይተቓለሰ ገርካ ዝእምነሉ ግዜ ተበጺሑ ኣሎ። አረ ኢሳያስ እንተ ሞተውን ሃገር ትመውት ኮይና ዝስምዖም ዳርጋ ብዙሓት እዮም። ሎሚ ድኣ እቶም ጀጋኑ ኤርትራውያን ኣበይ ከይዶም? ሎሚዶ ኣይበዝሑን እቶም ምሁራትና? ሎሚዶ ኣይበዝሑን እቶም ተመራመርቲ ፖለቲካ፡ ሎሚዶ ኣይበዝሑን እቶም ደርስትን ተቓለስቲ ብሃልትን፡ ሎሚዶ ኣይቅልጥፍን እቲ መራኸቢታት እንታይድኣ ተረኸበ?

ከምዚ ኣብዚ ዘሎናዮ መበል 21 ክፍለ ዘመን መዋእል ንዕዘቦ ዘሎና፡ ዓለም ኣበይ ገጻ ትጐዓዝ ከምዘላ ዳርጋ ንዅላትና ከም ጽሓይ እናበርሃልና ዘሸይድ ዘሎ ይመስል። እቶም ንዓለም ክቆጻጸሩዋ ዝደልዩ ዘለው መንግስታት፡ እንተድኣ ንከታተሎም ኣሊናውን፡ ካብ ምምስራት መንግስታት ጀሚሮም ንረብሕኦም ክብሉ፡ ተጠርኒፎም ከየዕረፉ ንቕድሚት ጥራይ እዮም ዝውንጨፉ ዘለው። ንሕና ግን ብኣንጻሩ፡ ግዳይ ስነኣእምራዊ ዅናት ብምኻን፡ እናተፈንጣሕናን፡ ዘርእና እናጠፍኣን፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ነንሓድሕድና ንፋቐር፡ ጽልእን ቅርሕንትን ሕሜትን እናሰረጸና፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ረብሓናን ረብሓ ህዝብና ኣድሂብና ንቃለስ፡ ብፋልጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ መሳርሒ ጓኖት ኰንና ንነብር ኣሎና። ኣብ መወዳእታኸ መንዩ በዚ ንገብሮ ዘሎና ዝረብሕ? ዘይምስምማዕና ንዓና ጐዲኡ ንጓኖት ከምዘርብሕ ጥርጥር የልቦን። ስለምንታይ ካብ ታሪኽን፡ ካብቶም ካልኦት ሃገራትን ዘይንቐንእ?

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራን ንተሰፋ ዘይቈርጽ ተቓለስትን

ይቕጽል